# ተበግሶ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ
# ኮንፈረንስ ካስል

ብዕለት 10 ሕዳር 2007 ብመጸዋዕታ ዶክቶር ሳህለ ተፋይን ዶክቶር ኣብርሃም ጻውሎስን ኣብ ከተማ ካስል ሃገር ጀርመን ዝተጋብአ ኣኼባ ግዱሳት ኤርትራውያን፡ ብዛዕባ ሃገርና ኤርትራ ሰፊሕን ዓሚቑን ዝርርብ ኣካይዱ። እቲ ኣኼባ፡ ሃገርና ኤርትራ ብሰንኪ ጨቛኒ ምሕደራ ህግደፍ ቁጠባኣ ባይታ ዘቢጡ መንእሰያታ ኣብ ኣስገዳድ ዕስክርና ተቔሪኖም ኣደዳ መቕዘፍትን ማእሰርትን ስደትን ኰይኖም፡ ኣህዛባ ድማ መሬቶም ብዲክታቶራውያን ህግደፍን ደገፍቶምን ተገቢቱ ኣብ መዋጽኦ ዘለዎ ዘይመስል ዓዘቕቲ ተዋሒጦም ይነብሩ ከም ዘለዉ ጥራሕ ዘኰነስ ኣብ ናይ ምጽናትን ምብትታንን ሓደጋ እውን ተሳጢሖም እታ ሃገር ድማ ኣብ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ነበርታ ተለዊጣ ትርከብ ከም ዘላ ተገንዚቡ።

ስለዚ ኸኣ ኣህዛብ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዘስካሕክሕ መዘና ዘይብሉ ጭቆናን ምዝመዛን ዲክታቶርነት ህግደፍ ይሳቐዩ ኣብ ዘለዉሉ እዋን፥ ቀንዲ ዕማም ኵሎም ንደሞክራሲያዊ ለዉጢ ንቃለስ ኢና በሃልቲ ፖለቲካዊ ሓይልታትን በርገሳዊ ማሕበራትን ይኹኑ ካልኦት ኵሎም ንሃገርና ንሓሊ ኢና ዝብሉ ዝተጠርነፉን ዘይተጠርነፉን ሃገራዉያን ኤርትራ ኣንጻርዚ ኣብ ሃገርና ተራኣዩ ዘይፈልጥ ኤርትራዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓትዚ ዘለዎም ዓቕምታት ኣወሃሂዶም ኪቃለሱ ዝግብኦም ምዃኑ፥ እዋኑ ዝሓቶ ዘሎ ንጽባሕ ዘይበሃለሉ ቀንዲ ርቋሒ ምዃኑውን ኣስሚሩሉ።

ይኹንምበር መላኺ ሰርዓት ህግደፍ ኣዝዩ ብምድካሙ ናይ ስልጣን ሃጓፍ ክርከብ ኣብ ዝቀላቐለሉ ዘሎ እዋን፡ ብሰንኪቲ ብቓልሲ ኪእለ ዘለዎ ገና ዘይተወገደ ዓንቃፊ ባህርያት ገለ መራሕቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራን፡ ከምኡ'ዉን ብቐዳምነት ኣብቲ ኣገዳሲ ዝኾነ እዋናዊ ናይ ሓባር ሃገራዊ ረብሓ ብምምርኳስ ምቅላስ ናይ ዘይምኽኣል ጠባያት ናይ ገለ ውድባትን ዝኣመሰለ ኣሉታዊ ድኽመታትን፥ እቲ ኽኹለን ጠርኒፉ'ለኹ ዝብል ዝነበረ ብኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ዝተሰየመ ጽላል ብዙሓት ውድባት፡ ነቲ ዝድለ እዋኑ ዝጠልቦ ዘሎ ደሞክራሲያዊ ሓድነት ኣዕቍቡ ኽኹሉ ምንጭታት ሓይሊ ሰውራ ኤርትራ ኣሕቢሩ ኣንጻር ዲክታቶርነት ህግደፍ ከዕጥቕን ከቃልስን ኣይከኣለን ምህላዉ ኣኼባ ርእዩ።

ኣኼበኛ፡ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ንዥነታቱ ናብ ንቡር ባህርያዊ ቦታኡ መሊሱ፡ ነቲ ገና ምስኡ ዘይተጠርነፈ ዘሎ ሓይልታትን ካልኦት ክፍልታት ሕብረተሰብናን ንኽጥርንፍን ተላብዩ፡ ነዚ ናብ ግብሪ ንምትርጓም ድማ፡-

ሓደ ሃገራዊ ዋዕላ ናይ ኵሎም ተቓወምቲ መላኺ ስርዓት ህግደፍ ዝኾኑ ውድባትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ወከልቲ ኵሎም ብሔራት ኤርትራን መራሕቲ ሃይማኖትን ካልኦት ኣካላት ሕብረተሰብናን ከምኡውን ኣገደስቲ ውልቀሰባትን ዚሳታፍዎ ኪኸውንን ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ኪካየድን ከም ዘለዎን ተረዳዲኡ።

ነዚ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ንኽሕግዝ ድማ “ተበግሶ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ” ዝተሰየመ ሓሙሽተ ብዝኣባላታ ሽማግለ ዝእለ ምንቅስቓስ ኣቝሙ።

ኣብ ሃገር ጀርመን ኣብ ኣገዳሲ ዘዝተባህለ ቦታታት ሰሚናራት ብምክየድ ከም ዝሰፍሕ ምግባርን ከምኡውን ነቶም ተዓዲሞም ገና ኪሳተፉ ዘይከኣሉ ዘለዉ ኵሎም ብድጋሚ ወኽሳታት ኪግበረሎምን ኣኼባ ተላብዩ።

ምስ ኵሎም ተመሳሳሊ ዕላማ ዘለዎም ኣብ ካልእ ሃገራት ዝርከቡ ምንቅስቓሳትን ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ከኣ ርክባት ተኸይዱ ነትዎርክ ከስረት።

መጻኢ ኣኼባ ኣብ ፍራንክፎርት ኪኸውን፡ መምምርሒ ናይ ተበግሶ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ ኸኣ ክሳብ ኣኼባ ፍራንክፎርት ኪዳሎ ተወሲኑ።

ግዝያዊት ሽማግለ
ተበግሶ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ

ካስል 10 ሕዳር 2007